# ኤርትራ ኣብ ሕጥበ ጽሑፍ

- ኤርትራ ብ ዕለት 01/01/1890 ዓ.ም.ፈ. ካብቲ (ስኑስ ኤርትሮስ) ዝብል ብቐዳሞት ግሪካውያን ንቀይሕ ባሕሪ ዝተዋሃቦ ስያመ "ኤርትራ" ተሰምየት። ብስም ኤርትራ እትፍለጥ ጥንታዊት ግሪኻዊት ደሴት ምህላዋ'ውን ይዝከር።
- ኣብ መበል ሻምናይ ክፍለዘመን ድሕሪ ል.ክ ኡማውያን ንደሴት ዳህላክን ምጽዋዕን ተቖጻጺሩወን::
- ብ 1575 ዓ.ም.ፈ. ቱርካውያን ንወደብ ምጽዋዕ ተቖጻጺሩዋ። ጸኒሖም ድማ ብ1865 ዓ.ም.ፈ. ናብ ግዝኣት ምስራውያን ኣመሓላሊፉዋ።
- ኣብ ሱዳን ስናር ዝመደበራ ሰልጠንት ዘርቃእ ኣብ ምዕራባዊ ኣውራጃታትን ገማግም ባሕርን ክሳብ ምጽዋዕ ብምስፍሕፋሕ ንሰላሳ ዓመት ዘኣክል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብቲ ኣብ መንጎ ፖርቱጋላውያንን ቱርካውያንን ዝካየድ ዝነበር ውድድር ብቱርካውያን ዑስማናውያን ተደፊአ ወጸት።
- ሓይልታት ማህዲ ክሳብ ከተማ መንሱራ በጺሑ፡ ኣብ ልዕሊ ነበርቲ ብዝፈጸሙዋ ቅጥዒ ዝሓለፎ ተግባራትን ኣብ መንፈሳዊ መምረሒታት ብዘለዎም ናይ ኣረዳድኣ ፍልልይ ብዘንቐሎን ተቐማጦ እቲ ከባቢ ኣንጻሮም ብርቱዕ ኲናት ኣካየዱ። ስዒቦም ድማ ኢጣላውያን ምስ ኣተዉ ብሰሜናዊ ሽነኽ ፈለግ ኒል ንኻርቱም ገጾም ዝስጉሙ ዝነበሩ እንግሊዛውያን ብምትሕብባር ብጭራሽ ኣውጸኡዎም። ነቲ ኣብ ከሰላን ጊርባን ገዳርፍን ዝነበረ ማዓስከራቶም'ውን ወረሩዎ።
- መግዛእቲ ኢጣሊያ ኣብ ኤርትራ ብ15 ሕዳር 1869 ዓ.ም.ፈ. ብወደብ ዓሰብ ጀሚሩ፡ ብ 1 ጥሪ 1890 ዓ.ም.ፈ. ድማ ኤርትራ ወግዓዊ ግዝኣቶም ምዃና ብዕሊ ኣውጁ። ጀነራል ኣወረሮ ከም ቀዳማይ ላዕላዋይ ኣማሓዳሪ ኤርትራ ኮይኑ ብመንግስቲ ኢጣሊያ ተመዘ። እቲ ብተናጸል (ዘይውዱብ) ን15 ዓመት ዝቐጸለ ህዝባዊ ተቓውሞ ብልምዳዊ ስያመ ሕጊ ጸጥታን ምርግጋእን ብዝብል ጉልባብ ብልዑል ጭካነ ተጨፍለቐ። መሓቡስ ደሴት ናኹራ ብመራሕቲ ሃገራዊ ምንቅስቃስ ብእሱራት ኣዕለቕለቐት፡ መብዛሕተኦም ድማ ብሕማም ዓሶን ዓጸቦን ግዳ ኣልቦነትን (ሸለልትነት) ግዳይ ሞት ኮኑ።
- ብ 1941 ዓ.ም.ፈ. ሰራዊት ክዳን ሓይልታት (ሰራዊት እንግሊዝ ዓባይ ብሪጣኒያ) ን ኤርትራ ተቖጻጸራ። ክሳብ 1952 ዓ.ም.ፈ. ድማ ህላወኡ ቐጸለ።
- ብስሊያ እምበራጦሪያዊት ኢትዮጵያን ሰዓብታን ዝምራሕ ምእኩል ጎንጻዊ ሸርሕታት ጀመረ፡ ኣብ ዓመታት 48-49-50 ክሳብ 1951 ዓ.ም.ፈ. ድማ ቐጸለ።
- ብ1949 ዓ.ም.ፈ. መራሒ ሰልፊ ኣልራቢጣ ኣልኢስላሚያ ስውእ ዓብዱልቃድር መሓመድ ሳልሕ ከቢረ (ዓ/ቃድር ከቢረ) ተቐትለ። ልቢ ዜጋታት ንምምሻት ራዕዲ ንምፍጣር ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ደገፍቲ ሰልፊ ናጽነት ኣብ ቅድሚ ኣዒንቲ ቤተሰቦም ተቐንጸሉ። ንብረት ተራሲዩ፡ ጥሪት ተዘሚተን፡ ሰባት'ውን ኣብ ኩሉ ገጠራት ኤርትራ ተቐዝፉ።
- ብ 1952 ዓ.ም.ፈ ህዝቢ ኤርትራ ርእቱኡ ከይተሓተን ረብሕኡ ብርትዓዊ ዓይኒ ከይተራእየን ብመሰረት ውሳነ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዓንቀጽ ቁ. 5/ሀ/390 ብፈደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ተቖርነት። እቲ ፈደራላዊ ውሳነ ከም ዘረጋግጾ ግን ኤርትራ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያታ ባዕላዊ ሓድነታን ነጻን ልኡላዊትን፣ ምስ ኢትዮጵያ ብፈረሽን ዝሓበረት፡ ንክልቲኤን መንግስታት ብዘቕይድ ኣብ ክልተ መትከላ ዝተሞርኰሰ ድሩት ስልጣን ምዃኑ ውድብ ሕቡራት የረጋግጽ ንሱ ዳም :-
  1. ኤርትራ ዞባውን ፖለቲካውን ናጽነት ዘለዋ ብገዛእ ርእሳ ዝቖመት ናይ ባዕላ ዲሞክራሲያዊ መንግስት ቅዋምን ዘለዋ ኢያ።
  2. ምስ ዞባታት ኢትዮጵያ ብፈደረሽን ምትእስሳራ ኣብ ናይ ወጻኢ ጉዳያትን ምክልኻልን...ወዘተ ዝብል ክልተ ዘይጣሓሱ መትከላት ዝተመስረተ ኢዩ።
- ብመሰረት'ቲ ኣብ ግዜ ፈደረሽን ዝጸደቐ ቅዋም ኤርትራ ዓንቀጽ 38 ከምኡ'ውን ኤርትራውያን ኣብ ታሪኾም ብልምዲ ዝተሰማመዕላን ትግርኛን ዓረብን ውግዓውያን ቋንቋታት ኤርትራ ኢየን።
- ኣገደስቲ ፈልጋታትን ወሓይዝን፡- ጋሽ፡ ሰቲት፡ ወሕጅ ባርካ፡ ውሕጅ ዓንሰባ፡ ኢራፍይለ፡ ወቀሮ፡ ሓድሽ፡ ለብከት፡ ወድጋን፡ ፈልከት፡ ዓሊጋደ ኮይኖም ብኣታኽልትን ፍረታትን ድንግል መሬትን ሃብታም ኢያ። በበይኑ ዓይነት ማዕድናትን ብፍላይ ድማ በቶም ክቡራት

ካብኣተን ሓያል ሃብቲ ትውንን። ዓቢ ሃብቲ እንስሳ ዘለዋ ኮይና ዝበዝሑ ካብ ተቐማጦኣ ብማሕረስን መጓሰን ይናበሩ።

- ሰውራ ኤርትራ ብመሪሕነት ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ኣብ ትሕቲ ኣርማ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ.ኤ.) ብ 01 መስከረም 1961 ተባረዐ። ኣብ ምዕራባዊ ኣውራጃ ካብዝተዶኮነ ደጀን ብምብጋስ ሓያል ኣድማዒ ህዝባዊ ኲናት ኣካየደት።
- ኣብቲ ንሰላሳ ዓመት ዝቐጸለ ስውራ፡ ህዝብና ኩሉ ዝውንኖ ዘበለ ኣበርከተ። ብ1967 ዓ.ም.ፈ. ብ ኢድ"ቶም መጋበሪያ ገዛኢ ዝኾኑ ባንዳን ኮማንድስን ዝተተግበረ ብዓዲ ኢብሪሂም ዝጀመረ ጃምላዊ ህልቂት፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኩሉ ገጠራት ንኣረሜናዊ ማሕረዲ ተቓለዐ።
- ድሕሪ'ቲ ንሰላሳ ዓመት ዝተኻየደ ጽዕጹዕ ኲናትን ስደትን ህዝብና ብዘበጀዎ መስዋእትን ምውጋእን ስንክልናን ተወፋይነትን ብ 24 ግንቦት 1993 ዓ.ም.ፈ. ናጽነታ ትጎናጸፈት።
- ህዝባ ካብቲ ሓፈሻዊ መእተዊ ሓርነት፡ ነጻ ርእቶን ምውዳብን ምርጫ ብዙሕነትን፡ ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ሓለፍቱ ካብ ናይ ምምራጽ መሰሉ ተሓሪሙ፡ ከምቲ ኣብ ኮምቦድያ ዝተራእየ ድክታቶሪያዊ ስርዓት ቦሊቦት መራሒ ሰልፉን ብዝመሳሰል ኣብ ትሕቲ ጨካን ውልቀባዕላሊ ግፍዐኛን ንጹልን ስርዓት ኣደዳ ማእሰርትን ቅትለትን ምጭዋይን ኮይኑ የርከብ።
- ህዝባ ሎሚ ምእንቲ ማሕበራዊ ፍትሕን ዲሞክራስን ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ሰብኣዊ መሰላትን ኣንጻር ራስያን ጉስያን ወገዳን ምንጻልን ብኩሉ መልከዓቱ ይቃለስ ኣሎ።

ኩሎም መሰላት ብሕጊ ሕልዋት ኢዮም © ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ